# *"ሕልፈት ንዘይፈልጥ፡ ጽላለት ንግሆ ኣርእዮ"፡ ካብ ውዕል ሓድነት፡ ተመኪሑ ዝሃደመን ሚሒሉ ዝጠለመን መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር*

ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ *"መጽውዕ ሸማ፡ ቀሪሔት ሰፍያ ከም ዓቕማ"* ኮይኑ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ካብቲ ክንደይ ዝምካሓሉ ዝነበረ 'ውዕል ሓድነት'፡ ዝፈጸሞ ማሕላ ጠሊሙ ብምኻድ፡ ሓንቲ ናይ ጉሉላት ኣጉዶ ከምዝሰርሐ [ኣዋጅ/መግለጺ](#) ኣውጺኡ ኣሎ። እቲ ኣብ ትሕቲ *"ፈጻሚ ሽማግለ ሰዲህኤ ኣኼባኡ ኣካይዱ"* ዝብል ኣርእስቲ ዝወጸ ጽሑፍ፡ *"---በዚ መሰረት ኣብዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ልዕሊ ሕጋውነትን ቅዋማዊ ኣሰራርሓን ሰዲህኤ ክስንዘሩ ዝጸንሑ ፈተነታት መሰረት ዘየብሎምን ዘይሓላፍነታውያን ምንባሮም ኣመዝጊቡ።"* ዝብል ኣገራሚ መግለጺ ኣስፈሩ ይርከብ። መጀመሪያ፡ ብትሕዝትኡ እቲ መግለጺ መሰረት ዘይብሉ ኢዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንኣባላትን ንህዝብን ንምግጋይ ኮነ ተባሂሉ ዝተሃንጸ ናይ መደናገሪ ስልቲ'ውን ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ሰዲህኤ ጸገማት ከምዝጸንሐ ሚስጢር ኣይኮነን። ብወገን መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን እንታይ ክግበር ጸኒሑ? ብወገን ላዕለዋይ መሪሕነት ሰልፊ ነበር ከ እንታይ ክባሃልን ክገበርን ጸኒሑ? ኣባላት ሰልፍን ህዝብን ከምዚኦምን ተማሳሰልቲ ካለኦት ሕቶታትን ብምሕታት፡ ነቲ ኣብ ሰዲህኤ ዘጋጠመ ተረክቦ ክፍትሹ ዕድላትን ተኽእሎታትን ስለዘሎ፡ ብከምዚኦም ዝኣመሰሉ መሰረት ዘይብሎም መግለጺታት ከደናገር ዝኽእል ኣካል የልቦን።

ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ብተደጋጋሚ [ዓንቀጻት ቅዋም ሰልፊ ክጥሕስን ልዕልና-ሕጊ ሰልፊ ክግህስን](#) ከምዝጸንሐ፡ ብሰፊሑ ክግለጽ ጸኒሑ ኢዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፡ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰዲህኤ፡ መሪሕነት ሰልፊ ዝፈጸሞም ቅዋማዊ ጥሕሰታትን ምግሃሳት ልዕልና-ሕግን ብምእራም፡ ኣብ ሰልፊ ናይ እሂን-ሚሂን ንቡር ኩነታት ፈጢሩ፡ ጸገማት ሰልፊ ኣብ 'ሰልፋዊ ዋዕላ' ብምእታው ብልዝብ ንኽፈትሖ ቀጻልን ዘተሓለለን ጻዕርታት ክገብሩ ኢዮም ጸኒሖም። ከም ግደ ሓቂ፡ ንሓደ "ሰላማውን ዲሞክራስያውን ቃልሲ" እየ ዘኻይድ ዘለኹ ዝብል ሰልፊ፡ ውሽጣዊ ግርጭታትን ዘይምርድዳኣትን ብሰላማዊ ኣገባብ ምፍታሕ፡ ዳናን ኣጸጋምን ክኾኖ ኣይምተገብአን። ይኩን'ምበር፡ ኣብ ባይታ ዝጸንሐ ክውንነት ከምዘረጋግጾ፡ መሰረታዊ ባህርያት ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ "ኣካቢ ዘይኮነስ ኣግላሊ፣ ሓብሓቢ ዘይከነስ ነጻጊ፣ ተራጻምን መላኽን" ስለዝኾነ፡ ነቶም ብተደጋጋሚ ካብ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን ዝቐርቡ ዝነበሩ ናይ ምእራም 'ለቦዋታት፣ ምሕጽንታት፣ መሰከራትን ምኽርታትን' ከም ተጻይ ቆጺሩ ጸማም እዝኒ ብምሃብ፡ ምስ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን ኣብ ረጽሚ ብምታው ነቲ ጸገም ብጎነጽ ክፍተሖ መሪጹ። መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላትን ሰልፊ፡ *"ቅዋም ሰልፊ ይከበር፣ ልዕልና-ሕጊ ይታሓሎ፣ መሪሕነት ሰልፊ ንግዝኣተ-ሕጊ ተማእዛዚ ይኹን፣ ግርጭታት ብሰላማዊ ኣገባብ ይታኣለዩ፣ ፍልልያትና ብሰልፋዊ ዋዕላ ንፍታሓዮም፣ ውሽጣዊ ሓድነት ሰልፊ ይዕቖኽን ይታሓሎን፣ ወዘተ"* ምባሎምሲ፡ ብኸመይ መንገዲ ኢዩ፡ 'ዘይሓላፍነታውያን ነይሮም' ዘብሎም? እቲ ጸገም፡ ከምቲ *"ዘረባ መላኺስ ጉርዲ የብሉን"* ዝባሃል፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ንባዕሉ "ከም ልዕሊ ቅዋም ሰልፊ" ገይሩ ስለዝቐጽር፡ ኩሉ ንሱ ዝብሎን ዝገብሮን 'ሓቂ፣ ፍትሒ፣ ርትዒ፣ ሕጊ፣ ወዘተ' ኢዩ ስለዝብል ኢዩ። ንሓደ ንባዕሉ ልዕሊ-ሕጊ ገይሩ ዝቖጽር ካኣ፡ ብሕጊ ክትዳንዮ ኣይካኣልን ኢዩ። *"ዝባን ሕጊ እንተበልካዮ፡ ንባዕለይ ሕጊ ኢየ ኢዩ ዝብለካ።"* ብግብሪ'ውን፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ከምኡ ኢዩ ኢሉና። እቲ ዝገርምን ዘሕዝንን ግን፡ ሕጂ "ኮር ተገልበጥ" ከምዝባሃል፡ ነቲ ኣራማይ ኣካል " መሰረት ዘይብሎምን ዘይሓላፍነታውያን ነይሮም" ኢሉ ክኸሶምን ከጸልሞምን ምፍታኑ ኢዩ። *"ሓባል በሊያ ከይትቕድመኪ"* ኢዩ ነገሩ። እቱይምንታይሲ፡ እቲ መሰረት ዘይብሉን ዘይሓልፍነታውን ተግባራት (ዘይቅዋማውን ዘይፍትሓውን ውሳኔታት ምውሳንን ምትግባርን) ክገብር ዝጸንሐ ኣካል፡ ንሱ እቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ስለዝኾነ።

መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ብተደጋጋሚ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስን ልዕልና-ሕጊ ሰልፊ ብምግሃስን ውሳኔታት ምውሳኑን ምትግባሩን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነቶም፡ በቶም ናይ ምእራም ሓልፍነቶም ዝገብሩ ዝነበሩ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን፡ ዝቐርብሉ ዝነበሩ ናይ ምእራም ጠለባት፡ *"ኣይሰምዓኩምን፡ ኣብ ጉባኤ ዝተመረጽኩ ስለዝኾንኩ፡ ኣነ ዝብሎ ክስማዕን ክትግበርን ኣለዎ፣ ተጋጊኻ ክባሃል ኣይግባኣንን፣ ንዓይ ትሰምዑ፣ ወዘተ"* ኢሉ ብምንጻግ ንሰልፊ ናብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ዘብጻሐን፡ ብምፍራስ ሓድነት ሰዲህኤ ቀንዲ ተሓታቲ'ውን ኢዩ። እቶም ብጥርኑፍ ዝግለጹ ዘይቅዋማውያን፣ ዘይፍትሓውያንን ዘይሓላፍነታውያንን ውሳኔታትን ትግባሬኦምን (ምድስካል/ምስጓግ ኣባላት፣ ምስጓግ መሪሕነት ዞባ፣ ወዘተ) ገድፍካ፡ መሪሕነት ሰልፊ ነበር ዘካይዶም ተጻባእቲ ናይ ጸለመን ምንጻላትን  ጎስጓሳት፡ ኣብ ሰልፊ ዘይቅርዑውን ተረባጽን ኩነታት ብምፍጣር ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ፡ ኣብ ክንዲ ሰላምን ስኒትን፡ ምጥፍናን ተፈጢሩ ሰልፊ ናብ ዘይተደልየ ሓርጎጽጎጽ ከምዘምርሕ'ውን

---

[1] *እዚ ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ሰዲህኤ ተፈጢሩ ዝጸንሐ  ንውሽጣዊ ሓድነት ዝህውኽ ኩነታትን ንምእላዩ ክካየዱ ዝጽንሑ ጻዕርታትን ምስተዛዘመ፡ ንህዝቢ መግለጺ ክህብ ምኳነይ ብዝኣተኹዎ መብጸዓ መሰረት ዝቐርብ ዘሎ መበል ፲ ጽሑፍ ምኳኑ ክሕብር እደሊ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ እቶም ክግበሩ ዝጸንሑ ነቲ ሽግር ናይ ምፍታሕ ጻዕርታት ኣይታዓወቱን። ንኹሎም ጽቡቕ ድሌታቶም ዝለገሱን ተበግሶታት ንዝወሰዱ ምስጋና ይብጻሓዮም'ውን ንብል።*

ገይሮሞ ኢዮም። ኣብዚ ክስተባህለሉ ዘለዎ ሓቂ፡ ብቑዕ መራሒ ‘ኣብ መንነ ኣባላት ናይ ሰላም፣ ፍቅሪ፣ ስኒት፣ ምርድዳእን ምክእኣልን ሃዋሁ ከምዝፍጠር ይገብር’ምበር፡ ናይ ባኣሲ ኣባ ጓይላ ክኸውን’ ከምዘይግባእ ኢዩ። *“ኮነ ኣይበሉካ”* ከምዝባሃል፡ ሰዲህኤ ግን እዚ ትዕድልቲ እዚ ኣይታዓደለን ጸኒሑ። እቶም ኣብ ጸበብቲ ዓንኬላት (ውልቃውን ጉጅላኣውን) ዝባሃሉን ዝዝውተሩን፡ ኣግለልትን በተንትን ዘረባታት ገድፍና፡ እቶም ኣብ ዕላውያን ኣከባታት ሰልፊ ብላዕለዎት ኣባላት መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝውርወሩ ዝነበሩ ጥራሕ እኳ እንተራኣና፡ ማዕረ ክንደይ ኣዕነውትን በተንትን ምንባሮም ምግማቱ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። እስኪ ነዞም ዝስዕቡ፡ ኣብ ዝተፈላለይ ጊዜታት ኣብ ዕላዊ ኣከባታት ሰልፍን ኣብ ናይ ህዝቢ መጋባእያታትን ብኣባላት ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝተሰንዘሩ ወስታት ንርአ፡-

- *"ክንሰምዖ ዘይንደሊ ዘረባታት ክሰምዕ ዊዒልና" እንዳበለ መሰል ንሓሳቡ ዘይሳማምዑ ኣባላት መሪሕነት ክዕፍን ዝፍትን፤*
- *ማዓስ ኢና ናይ ምስዓግ ስጉምትታት ምውሳድ ንጅምር ዝብል፤*
- *ንሕናን (ሰልፊ ህዝቢ/ሰውራዊ ባይቶ) ጋሸን ሰቲትን ኮይና ንሰዲህኤ ክንቅጽሎ ንኽእል ኢና፡ እቶም ካለኦት ናይ ሓድነት መጻምድቲ ይኽዱ ዝብል፤*
- *ኣብ ህዝቢ መጋባእያ ወዲ ኻ፡ ንዝተፈልየ ርእይቶታት ዘለዎም መሰረታት/ኣባላት፡ ዝሃውተቱ (ህውቱታት)፡ ዝተጀነዱ (ጅኑዳት) ወ.ዘ.ተ. እንዳበልካ ምጽራፍን ክበረቶም ምግፋፍን ከም መሰሉ ገይሩ ዝቖጽር፤*
- *ሰልፊ ዋላ እንተተገምዐ ጸገም የብሉን፡ ምንም ኣይንኸውንን ኢና እንዳበለ ንህዝቢ ዝእውጅ፤ ወዘተ*

እሞ ዳኣ፡ ኣብ ዕላዊ ኣኼባታት ሰልፍን ኣብ ናይ ህዝቢ መጋባእያታት ከምዚ ምባል ዲዩ ሓላፍነታዊ ኢካ ዘብል? ከምዚኦም ዓይነት ዓመጽትን፣ ፈላለይትን፣ ኣግለልትን ዓፈንትን ናይ መልኽቲ ዘረባታት ኣብ ወግዓዊ ኣኼባታት እንዳተወርወሩ ከለዉ፡ ምጽቃጥ ከ ሓላፍነታዊ ኢካ ዲዩ ዘብል? ነቶም ባሃልቱ፡ ይትረፍዶ ናይ ምቅዋምን ኣራምን ስጉምቲ ክውሰዶምሲ፡“ዓገብ፡ ኣፋልኩምን፡ ትጋገዩ ኣለኹም” ዝበሉ ምናልባት ሓደ ከልተ እንተነይሮም’ውን፡ ኣብ መወዳእታ፡ ንባዕሎም ግዳያት ናይዚ ኣባሃህላታት እዚ ኢዮም ኮንይኖም። ስለዚ፡ ብግልባጡ፡ ናይዞም ከምዚ ዓይነት ዘረባታት ክውርውሩ ዝጸንሑ ድልየትን ባህግን (ተጎሊልካ ምኻድ) ኢዩ ክትግበር ጸኒሑ። ስልዝኮነ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ኢዩ ናይዚ *“መሰረት ዘይብሉን ዘይሓላፍነታውን ተግባራት”* ብሓላፍነት ዝሕተት። መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝኾነ ሞራላዊ ይኹን ኢቲካዊ ብቕዓት የብሉን ሕጂ ኢዱ ናብ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን (ናብቲ ኣራሚ ኣካል) ከዋጣውጥ።

እቲ ካልእ ዘገርም፡ እዚ ተጎሊሉ ዝኸደ ጉጅለ ‘ናይ ጉሉላት ኣጕዶ ሰሪሑ ሓዳረይ ወጽኤ ኣልኹ’ ከምዘይበለን፡ ሽሙ ከምዝጠፍኦን ዓይነት፡ በታ ሓዲገያ ዝኸድኩ ኣድህዩኒ ዝዓይነቱ፡ ነታ ናይ ኣዋጅ/መግለጺ ጽሕፍቱ *"ፈጻሚ ሽማግለ ሰዲህኤ ሳኼባኡ ሳክይዱ"* ዝብል ኣርእስቲ ምሃቡ ኢዩ። ከምዝፍለጥን ከምቲ ተደጋጊሙ ዝተገልጸን፡ “ሰዲህኤ” ተራ ሽም ዘይኮነስ፡ ከም ፖለቲካዊ ኣምርን ከም ፍሉይ ናይ ታሪኽ ተርእዮን፡ ኣዝዩ ፍሉይ ትርጉም ዘለዎ ኢዩ። “ሰዲህኤ” ዝብል ሽም ምልባስ፡ ነቲ ሽም ፍሉይ ዝገብሮ ኩነትን ብድሕሪ እቲ ሽም ዘሎ ፖለቲካዊ፣ ማህበራዊ፣ ህዝባዊ/ሕብረተ-ሰብኣዊን ታሪኻውን ሰረታት ምዕቃብን ምሕብሓብን ሓላፍነት ዘሰክም ኢዩ። ስለዝኮነ፡ ንሰዲህኤ ሽም ክትበቕዖ እንትኾይንካ፡ ነዚ ሓላፍነት እዚ ክትስከም ዘኽእለካ ብቕዓት ከተጥሪ ኣለካ። ሰረታት ሰድህኤ ከምዝስዕብ ክግለጽ ይካኣል፡-

> ***ሰዲህኤ እተሰገደ ኣተሓሳሰባ ኢዩ። ብብቱን/ብንጽል ከረአ ከሎ ካኣ ሓቂ፣ ፍትሒ፣ ሰላም፣ ቅሳነት፣ ፍቕሪ፣ ሕድሕዳዊ ክብሪ፣ ስኒትን ሓድነትን ንዝብላ ኣምራት ይውክል። ሰዲህኤ ዝልበስ ስነ-ኣእምራኣዊ መንፈስ እምበር ዝጭበጥን ዝድህሰስን ባእታ ኣይኮነን። እቲ ዓንደ-ሕቖን ቖንዲ መለለዪ ሕላገት ሰዲህኤ.፡ እቲ ብናይ ክልተ ድሕረ-ባይታ ዝነበሮም ሓይልታት (ህ.ግ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን) ብዝተገበረ ሓድነታዊ ኪዳን ዝተፈጠረ ናይ ሓድነት፣ ሰላም፣ ስኒት፣ ብሩህ መጻኢን ተስፋን መንፈስ ኢዩ። መሰርሕ ሓድነት ጕዕዞ እምበር ናይ ሓደ ጊዜ ወይ ናይ ሓደ ህሞት ፍጻሜ ስለዘይኮነ፡ መሰርሕ ሓድነት በቶም ነዚ መንፈስ እዚ ዝለበሱ ባእታት ብቖጻሊ ክኹስኮስን ሕድህዳዊ ምትእምማን ክምገብን ይግባእ። ሰዲህኤ ዓኹኹን ደልዲሉን፡ ናይ ዝሓለፈ ብሰንኪ ጉድለት ሓድነት ንዝተፈጸሙ ገይጋታት ዝእረምሉ ባይታ ዘንጽፍን፡ ንሕጂን ንመጻእን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነት ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበሩ ቃልስታት ከምመንጠሪ ዘንጊ ኮይኑ ከገልግል ዝኽእል ዝነበረ ኣገዳሲ ኣታሓሳሰባ ኢዩ። ነዚ ኣታሓሳሰባ እዚ ለብስና ኢሎም ናይ ሓድነት ኪዳን ዘቖሙ ሓይልታት፡ ከም ተራ ሰባት ወይ’ውን ከም እኩባት ሰባት ወይ’ውን ከም ተራ ሰልፍታት ዝጥመቱ ዘይኮኑስ እንታይ ዳኣ ከም ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተጻራሪ ናይ ሓርነታዊ ቃልሲ ታሪክን ድሕረ-ባይታን ዝውኩሉ ባእታት ኮይኖም፡ ነቲ ዝሓለፈ ናይ ምብትታንን ፋሕን ታሪኽ ዓጽዮም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንሓለፈ ናይ ቃልሲ ታሪኹ ብምቕርራብን መጻኢ ሓድነቱ ብምርግጋጽን፡ ኣብ ኤርትራ ፍጹም ነባሪ ሓድነት፣ ፍትሒ፣ ልዕልና ሕጊ፣ ዲሞክራሲ፣ ሰላምን ዕብየትን ንኽረጋገጽ ንኽጽዕቱ ኪዳን ዝኣተዉ ኢዮም ነይሮም። ስለዝኮነ፡ ሰዲህኤ ዝተበታተነ ንምጥርናፍ ዝጽዕት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኩለንተንኡ ኣንጻር ምብትታን፣ ምፍንጫልን ምፍንጫላትን ንኽኸውን ዝተፈጥረ ሰልፊ ኢዩ’ውን ነይሩ። ኢዚ ካኣ ባህግን ድሌትን ናይቶም ዘቖምዎ መሰረታት/ኣባላት ጥራሕ ዘኮነስ፡ እንተላይ ናይ ኩሉ ደላይ ፍትሕን ሓድነትን ዝኾነ ኤርትራዊ ሕብረት-ሰብ ኢዩ ነይሩ።***

እዚ ተጎሊሉ ዝኸደ ጉጅለ፡ ነዚ ውዕል ሓድነት ብምጥላም ካብቲ ምቛም ሰዲህኤ ዘስከሞ ሓላፍነት ኢዩ ሃዲሙ ከይዱ። ክምዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቻርት ዘመልከቶ፡ ውሑዳት ኣባላት ካብቶም ንሓድነት ዘቘሙ ወገናት ናይ ሓደ ሸነክ ጥራሕ ሒዞ ተጎሊሉ ኢዩ ከይዱ። ስለዝኮነ፡ ንሰዲህኤ ዝብል ሽም ኣይብቑዖን ኢዩ። “ተጎላሊ ተጎላሊ እንተበልናካ፡ ተጎላሊ እንድዩ”ሞ ሽምካ፤ እቱይምንታይሲ እሱ ስለዝኾነ ስራሕኻ፡ ኣበርካ።” በቲ ካልእ ወገን፡ እቲ መብዛሕትኡ መሰረታትን ታሕተዎት ኣከላትን ሰልፊ ዝሓዘ ናይ ምእራም ሓይሊ፡ ኣባላት ናይ ኩሎም ነቲ ሓድነት ዘቘሙ ሓይልታት ኮይኖም፡ ብትሕዝቶ ይኹን ብቅርጺ ንሰዲህኤ ዝመስልን ተልኾ ሰዲህኤ ተሰኪሙ ዝቃለስ ዘሎ ሓይሊ ኢዩ። ንሱ እዩ ካኣ ንሰዲህኤ ዝበቕዖ፡ ሰዲህኤ ኢዩ ካኣ ሽሙ።

